ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለየ መጠንን በዝሕን ዘለዎም ስሚንቶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም፡-

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 28, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 8, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 9, 2016 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለየ መጠንን በዝሕን ዘለዎም ስሚንቶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ በዚ መሰረት ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም፡-

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ናይ ሰራሕ ንግዲ ፍቃድ ፣ናይ ቫት ተመዝጋብቲ ምኻኖም መረጋገፂ ምስክር ወረቀት፣ናይግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት(TIN) ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኻኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ::

2. ተጫረትቲ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ ብር) ናይ ጨረታ መክበሪ ውሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ(cpo) ወይም ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ::

3. ተጫረቲ ሓደ ኦርጀናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ (ነኒበይኑ) ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሸጎም ብምቅራብ ሙሉእ ኣድራሻ ናይ ድርጅቶም ማህተም ብንፁር ብምግላፅ ከቅርቡ ኣለዎም :: ስፒኦ (cpo) ድማ ንበይኑ ፖስታ ተዓሸጉ ምስ መወዳደሪ ዶክመንት ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ።

4. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ(ፎርሚ) ወፃኢ ምምላእ ኣይካኣልን

5. ዝሰዓረ ተጫረቲ ሰዓሪ ምካኑ ምስ ተነገሮ ብቀጥታ ካብ ዝሰዓርዎ ጠቅላለ ዋጋ 10%(ዓሰርተ ፐርሰንት) ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣትሒዙ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል ::

6. ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ 15 መዓልቲ እዩ።

7. ተወዳደርቲ ካብ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ምቅራብ ኣይፍቀድን

8. ዝሰዓረ ተጫረቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ዓዲ 'ሓ' (ዓዲ 'ሓ' ሙሉእ 1ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ዉርድ ኢልካ) ናብ ዝርከብ ሳይትና ብናይ ባዕሉ (መጋዓዓዝያ)ትራንስፖርትን መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ከረክብ ዝክእል::

9. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 100.00(ሓደ ሚኢቲ ብር) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቀለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ 212 ክፍሊ ዕደጋን
ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ስሚንቶ ብበዝሒ ስለ ዘድልየና ዝሰዓረ ተጫረቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ትካልና ድሌት መሰረት ብቀፃልነት ናይ ምቅራብ ዕድል ክህልዎ ከም ዝክእል ክፈልጥ ኣለዎ::

11. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ ወይ መመሓየሺ እንተሃሊዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ቅድሚ ምብፅሑ ናብ ዕደጋን ፋይናንስን ክፍሊ ብፅሕፍ ከቅርቡ ይክእሉ እዮም።

12. ተጫረቲ ድሕሪ ሳዕን ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝብል ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን/ናብ ድርጅትና ኣታዊ ይከዉን ማለት እዩ/

13. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ 27/10/2016 ዓ/ም ክሳብ 08/11/2016 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ ጨረታ ሳፁን ዝዕፀወሉ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ 08/11/2016 ዓ/ም ስዓት 8:30 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኸፈት::ኾይኑ ግን ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

14. ትካልና ካብ ብር 10,000.00 ንልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ካብ ብር 3000.00 ንላዕሊ ንዝግበር ናይ ግልጋሎት ዕድጊታት 2%(with holding taxes) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቅረባይ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ

15. ኣድራሻና ኣብ 16 ቀበሌ ኣዳነ ሓጎሰ ህንፃ (ናይ ዶ/ር ማርቆስ ሆስፒታል ዝነበረ) ቀዳማይ ደብሪ ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ 212 ንርከብ::

16. ትካልና ብድሌቱ ክሳብ 20 ክዉስክን ክቅንስን ይክእል እዩ::

17. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕለው እዩ::

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ መቐለ ዋና ቢሮ 0938000111/0967568418 ምሕታት ይኽእሉ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle